# ጣልቃ ምእታው ግዳማውያን ሓይልታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ

# ንሰላም'ዶ ንህውከት?

ብግርማይ በርሀ ገብረሚካኤል (ሽካጎ) ሳልሳይ ክፋል

**03/09/2012**

ገዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ብፍላይ ድሕሪ ሃጸይ ምኒሊክ፡ ንናይ ወራር ድሌታቶም ብዝሓየለ መልክዑ ንምዕዋትን፡ ኣብቲ ብወራር ዝሓዝዎ መሬት ንዝቕመጡ ኣህዛብ ብሓይሊ ንምግዛእን፡ ነቲ ቀዋሚ ሰራዊቶምን ጸጥታዊ ትካላቶምን፡ ብናይ ግዳማውያን ሓይልታት ከዕጥቅዎን ከሰልጥንዎን ዝበለጸ ምርጫ ገይሮም ወሰድዎ። በዚ መሰረት ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ዓባይ ብርጣንያ፡ ስዊድን ፡ ነርወይ ፡ እስራኤልን ኣመሪካን ንሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ (ሓይሊ ምድሪ፡ ኣየር፡ ባሕርን ጸጥታዊ ሓይሊ ፖሊስን) ኣብ ምስልጣንን ምዕጣቕን ሓላፍነት ወሰዳ ። ድሕሪ 1978 ድማ ሕብረት ሶቭየት ቀንዲ ናይ ኣጽዋር ኣዕጣቒት ኮይና ፡ ማእለያ ዘይብሉ ወተሃደራዊ ደገፋትን ስልጠናን ገበረት።

ብተዛማዲ በብጊዚኡ ብዘመናዊ ኣጽዋር ዝዓጠቀ ሰራዊት ኢትዮጵያ ፡ ንህዝባዊ ረብሓታት ንምሕላውን ንምክልኻልን ዘይኮነ፡ **ኣንጻር** ህዝባዊ ቃልሰ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሶማል፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኢትዮጵያ ኮይኖም ዝቃለሱ ህዝብታት ኦሮሞ፡ ኡጋዴን ፡ ህዝቢ ትግራይ፡ ካልኦት ፍትሓዊ ቃልሲ ዘካይዱ ዝነበሩን ዘለዉን ብሄራትን ጎሮባብቲ ሃገራትን ዘቕነዐ እዩ ነይሩን ሕጂ'ውን ዘሎን። ኣፍሪቃዊ ሕብረ ዘለዎ፡ ንጎሮባብቱ ዝኾና መንግስታት ዘርዕድን ዝመልኽን ግዳማዊ መልክዕ ዝለበሰ፡ ዕንትር ዝበለ ፡ ዝሓሸ ኣጽዋር ዝዓጠቀ መንግስቲ ፡ ሓያል ምዃኑ ብዃልኦት ክፍራህ ፡ እንተኾነ ግን ነቶም ዘዕጥቕዎን ዘዕንግልዎን ተዓሲቡ መታን ንኸገልግል፡ በብጊዚኡ ብዙሕ ክንክንን ጽገናን ዝተገብረሉ ስርዓት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እንተልዩ ፡ ብቀዳምነት ዝስራዕ ናይ ኢትዮጵያ ስርዓት እዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ድማ ንህዝባዊ ፖሎቲካዊ ምርጫ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዓብዪ ዕንቅፋት ኮይንዎም ጸኒሑን ኣሎን ።

ቀርኒ ኣፍሪቃ ብኤውሮጳውያን ገዛእቲ ብፍላይ ፡ ዓባይ ብርጣንያ፡ ፈረንሳን ኢጣሊን ብቀጥታዊ መግዛእቲ ተወሪሩ ምጽንሑን ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ከኣ ፡ ንትሕዝትኡ ዘይኮነስ ፡ ንግዳማዊ መልክዕ ናይ መግዛእቲ ንምቕያር፡ ዘሎና ናይ ትምህርቲ ድሕረት መዝሚዞም፡ ንዓና ንምጥባር፡ ክወጹ ከለዉ ኣብ ኩለን ዝገዝእወን ዝነበሩ ቦታታት ብቀሊሉ ዘይፍታሕ ጸገማት ሓዲጎም

እዮም ወጽዮም። ብሰንኪ ዝኣጎድዎ ተንኮላት ክንደይ ህዝቢ ከምዝረገፈን ይረግፍ ከምዞሎን ፡ እቲ ሽግራት ኣብ ብዙሕ ቦታታት ጌና ከምዘይተፈትሐን፡ ክርእን ክሰምዕን ንዝደሊ ፡ ሕልና ንዘለዎ ሰብ ንጹር እዩ።

ገዛእቲ ኣብ ርእሲ እቲ ቁጠባዊ ዕንወታትን ሕብረተሰባዊ ሕንፍሽፍሻትን ፡ ይውክሉና ዝብልዎም ፡ ረብሓታቶም ዝሕልዉ ፡ ሃገራውያን ስም ዝሓዙ መራሕትን መንግስታትን ኣቑሞም ከምዝገደፉን፡ ኣንጻር ወከልቶም ህዝባዊ ተቃውሞታት ነዘርእዩ ንምድርቓስ ፡ ዘድሊ ወተሃደራዊ ደገፋት ብምግባር ኣንጻር ኩሉ ህዝባዊ ቃልስታት ከምዝሰርሑ ተግባራቶም ዝገልጾ ሓቂ እዩ። ሃገራት ኮነ ብሄራት፡ ባህለንን ታሪኸን ኣኽቢረን ብናይ ገዛእ ርእሰን ምርጫ ብያታዊ ኮነ ብሃገራዊ ቅዋም ተቀይደን፡ ፖሎቲካዊ መስመረን መሪጸንን ንኽኸዳ ሓደ ካብቲ መባእታዊ መሰላት ሃገራትን ብሄራትን ኣብዛ ዓለም ክኸውን ንተገበኣ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ግን ረብሓታት ህዝብታት ብቀዳምነት ተሰሪዑ ኣይፈልጥን እዩ ።፡ ውሑድ ካብቲ ተገብረን ዝግበር ዘሎን ንምጥቃስ ዝኣክል፡

ኣብ ሓምሳታት ፡ ድሌታት ህዝቢ ኤርትራ ብዓለም ኣይተሰምዐን ። ህዝቢ ኤርትራ ድሌቱ ክፍጽም ዝኽልኽሎ ወይድማ ዝጻበኦ እንተዘይረከብ 30 ዓመታት ብሓይሊ ብረት ኣይንተዋገኣን ። እዚ ኩሉ ዋጋ ከኣ ኣይንተኸፈለን። ህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ ከማሓደር ከምዘለዎ ፡ ማሕበር ሕቡራት ሃገራት ኮነ ካልኦት ኢድ የእትየን ወሲነን። ኣብዚ ጊዜ’ዚ 40 ሚልዮን ዝግመት ህዝቢ ኦሮሞ ፡ ዕድሉ ባዕሉ ክውስን እንተዝግደፍ፡ ካብ 1973 ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ደማዊ ኩናት ከካይድ ኣይምተገደደን። ህዝቢ ኦጋዴን እውን ናይ ገዛእ ርእሱ ዕድል ባዕሉ ክውስን ኣኽእሎ እንተዝረክብ ካብ 1984 ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ውግኣት ከካይድ ኣይንተገደደን። ህዝቢ ሶማል ብናቱ መገዲ ሽግሩ ከይፈትሕን ከይማሓደርን ፡ ብተደጋጋሚ ካብ ኢትዮጵያ ሰራዊት ኣኽቲትካ ንሶማል ናይ መን ምርጫ ክፍጽም? ናይ ህዝቢ ሶማል ዶ ናይ ካልኦት? ኣብ ሱዳን ክንድዚ ሸበድበድ ፡ ኣብ ሶማል ክንድዚ ጉያ ጣልቃ ምእታው፡ ንሰላም ዶ ንህውከት? ንናይ ህዝብታት ረብሓ ዶ ንካልኦት?

ህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድሌቱ ንኽፍጽም ዕድል ኣይረኸበን ። ስልዝኾነ መነባብሮን ምዕብልናን ህዝብታት ንድሕሪት ክጉተት ግድን ኮይኑ። ዝኸፍኣ ከኣ ኣፍሪቃዊ ኣካል ዝሓዙ፡ ብናይ ግዳማውያን ሓይልታት ኣተሓሳስባ ዝተኾስኮሱ፡ ብጊደኦም ህዝቦም ዝብድሉ መረሕቲ ኢና ባሃልቲ ክጥረዩ ምኽኣሎም ህዝቢ ቀርኒ ኣፍርቃ ዕድለኛ ኣይኮነን።

ኣብ ናይ ሎሚ ሳልሳይ ክፋል ጽሑፍ ፡ ገለ ካብቲ ንህዝቢ ቅሉዕ ዝኾነ፡ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ወተሃደራዊ ደገፋት ንኢትዮጵያ ከቅርቦ ፈቲነ ኣለኹ። ቀንዲ ዕላማ ጽሑፈይ ነቲ ዝርዝር ወተሃደራዊ ደገፋት ብምሉኡ ንምቅራብ ዘይኮነስ ፡ ነቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክኻየድ ዝጸንሓ ጸረ

ሰላምን ምዕብልናን ዝኾነ ናይ ወራርን ህውከትን ፍጻሜታት ቀንዲ ተዋሳእትን ተሓተትን ባዓል መን ምዃኖም ንጹር መረዳእታ ንምሓዝ ይሕግዝ ካብ ዝብል ዕላማ እዩ። ጣልቃ ምእታው ንሰላም ዶ ንህውከት? ናብቲ ኣርእስተይ ንምጥማት እዩ። ገለ ገለ ኣካላት ነዞም ቀንዲ ናይ ዕንወት ጠንቅታት ዝኾኑ ሓይልታት፡ ከም ጸገማት ህዝቢ ዝፈትሑን ንሰላም ዝቖሙን ኣምሲልካ ምግላጽን ስለዘሎ እቲ ኩውንነት ንምርኣይ እዩ ። ናይቶም ህዝብና ዝበደሉ ብዘይፍላጥ ዝብበዎ ቃላቶም ከይንደግም ተሓገዝ እውን እዩ። እስከ ካብቲ ብዙሕ ብውሕዱ እንታይ ነይሩ ? ንርኣዮ።

## ወተሃደራዊ ደገፉት ኣመሪካ ንኢትዮጵያ

ኣብ ግንበት 1953፡ ኢትዮጵያን ኣመሪካን ወተሃደራዊ ስምምዕ ገበራ ። እቲ ስምምዕ ፡ ኣመሪካ ን 25 ዓመታት ክራይ ነቲ ኣብ ኣስመራ ቓኘው ናይ መራኸቢ መደበር ተባሂሉ ዝጥቀስ ስፍራ ክትጥቀመሉ ዘኽእል እዩ ነይሩ ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ፡ቃኘው ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ናይ መራኸቢ መቖጻጸሪ መደበር ኣብ ዓለም ኮይኑ የገልግል ነበረ ። እቲ መደበር ብምምዕባል 4,000 ወተሃደራት ኣመሪካ ንናይ ሰቭየት ናይ ራድዮ ርክባት ኣብቲ ዞባ ክቖጻጸሩ ይሰርሑ ነይሮም ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢትዮጵያን ካልእ ወተሃደራዊ ስምምዕ ተገብረ ። እቲ ስምምዕ ፡ ኣመሪካ 5 ሚልዮን ዶላር ወጻኢ ብምግባር ነቲ ሰለስተ፡ ነፍሲ ወከፉ 6,000 ኣባላት ዝነበርዎ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከተሰልጥንን ከተዕጥቅን ሓላፍነት ወሰደት ። ነዚ ንምስላጥ ሓንቲ ወተሃደራዊ ኣማኻሪ ጉጅለ ኣመሪካ ናብ ኢትዮጵያ ተላእከት ። ኣብ መጋቢት 31, 1954 ኣመሪካ $3.8 ሚልዮን ዝዋግኡ ፈኩስ ኣጽዋር ፡ ወተሃደራዊ መካይንን መዳፍዕን ንኢትዮጵያ ሃበታ ።

ኣብ ጥቅምቲ , 1954 እንደገና ኣመሪካ $5 ሚልዮን ንኢትዮጵያ ሓገዝ ገበረትላ ። ኣብ ሕዳር, 1955 ኣመሪካ ንኢትዮጵያ ብውሕዱ $5 ምልዮን ዓመታዊ ንወተሃደርዊ ሓገዝ ክትህብ ምኻና ምርድዳእ ገበረት ። ድሕሪ 1960 ዓ.ም ኣመሪካ ን40 ሽሕ ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ክትሕግዝ ተሰማመዐት ። ናይ ኣመሪካ ወተሃደራዊ ሓገዝ ከኣ ኣዝዩ ወሰኸ ። ኣብ ስሳታት ፡ 300 ክኢላታት ኣመሪካውያን ሰራዊት ኢትዮጵያ የሰልጡኑን ኣማኸርቲ ኮይኖም የማሓድሩን ነይሮም ። በዚ መሰረት 23,000 ሰራዊት ኢትዮጵያ ብቀጥታ ብኣመሪካውያን ሰልጢኖም ። ካብዞም 23 ሽሕ ብኣመሪካውያን ዝሰልጠኑ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ እቶም 4 ሽሕ ኣብ ኣመሪካ ከይዶም ኣብ ናይ ኣመሪካ ውተሃደራዊ መስልጠኒ ማእከላት ዝመዕበለ ወተሃደራዊ ስልጠና ዝረኸቡ እዮም ። ሓደ ካብኦም መራሒ ኢትዮጵያ ዝነበረ መንግስቱ ሃይለማርያም ነይሩ ። ኣብ 1974 ንኣጽዋርን ንመቀያየርን ብዝምልከት ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ምሉእ ብምሉኡ ኣብ ጽግዕተኝነት ኣመሪካ ኣተው።

ድሕሪ ንጉስ ሃይለ ስላሴ ብደርጊ ምዕላው፡ ኣመሪካ ወተሃደራዊ ሓገዝ ቀጺላቶ ነይራ እያ ። ድሕሪ ቅንጸላ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሕዳር 1974 ኣመሪካ ነቲ ኣብ መስርሕ ዝነበረ ናይ ኣጽዋር ምስዳድ ኣናዊሓቶ ። እንተኾነ ግን ናይ ነፈርትን ታንክታትን ምልኣኽ ብገንዘብ ብዝሒ ክረኣ እንከሎ ሓገዝ  ኣመሪካ ዕጽፊ ገይርዎ ነይሩ ።

ኣመሪካ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዝነበረ ኩነታት መሰረት ገይራን ከምኡ’ውን  ሕብረት ሰቭየት ንሶማል ኣጽዋር ብምዕጣቃ ኣብ ጸባጸብ ብምእታው ፡ ኣመሪካ  ንሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ 3 ዓመታት ናይ ኣጽዋር ትሕዝቶ ከተማሓይሽ መዲባ ነይራ። ብተወሳኺ ናይ F-5 Squadron  ነፈርቲ ካብ ኤራን ናብ ኢትዮጵያ ከተመሓላልፈን ወሰነት ። ብጠቕላላ ናይ ኣመሪካ ንኢትዮጵያ ናይ ኣጽዋር ምሻጥ  ኣብ 1974 ን 1975ን  $35 ሚልዮን በጺሑ ነይሩ ። እቲ ዝምድና ኣመሪካን ኢትዮጵያን ዝተቀየረ ኣብ ታሕሳስ 1976 ብመንግስቱ ሃይለማርያም ዝምራሕ ላዕለዋይ ልኡኽ ኢትዮጵያ  ናብ ሕብረት ሰቭየት ብምኻድ ናይ $385 ሚልዮን ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ናይ ምግዛእ ስምምዕ ምስተገብረ እዩ።

ብድሕሪ እዚ ኣመሪካ  ኣብ መስከረም 1977 ዓ.ም መደበር ቃኘው  ክትዓጽዎ ምኺና ንደርጊ ኣፈለጠቶ ። እንተኾነ ግን ደርጊ ናይ ኣመሪካ ሓገዛት ኩሉ ጠጠው ከምዝብል ገሚቱ ነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ኣሰልጠንትን ኣማኸርትን ኣመሪካውያን ናይ ሓደ ሰሙን  ዕድል ጥራይ ሂቡ ካብ ኢትዮጵያ ክወጹ ኣዘዘ ። ንቓኘውን ኣቀዲሙ ኣብ ሚያዝያ 1977 ዓ.ም. ከምዝዕጾ ገበረ ።

## <u>ወተሃደራዊ ደገፉት ሕብረት ሶቭየት ንኢትዮጵያ</u>

ኣብ 1976 ፡ ኢትዮጵያ ናይ ሕብረት ሶቭየት ወተሃደራዊ ሓገዛት ክትረክብ ውሕስነት ረኺበት ። ኣብ መስከረም 1977 ሶማል ንጅጅጋ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክትሕዛ’ኮላ  ሕብረት ሶቭየት ንኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ሓገዛት ክትገብረላ ወሲና ነይራ ። ድሕሪ መስከረም 1977  ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ፡ ሕብረት ሶቭየት  ብግምት 50 ኣጽዋር ዝጸዓና መራኽብ ሰቭየት ሕብረት ኣብ ወደብ ዓሰብ ኣራገፈት ። እቲ ኣጽዋር ፡ ነፈርቲ ኲናት ፡ ታንክታት ፡ መዳፍዕ፡ ቦምባታትን ጠያይትን ዘጠቃልለ ነበረ ። ብተወሳኺ ሕብረት ሶቭየት ኣብ ዴሞክራስያዊት ሪፓብሊክ የመን (ደቡብ የመን) ዝነበረ ናይ ውግእ መሳርሒታት’ውን ናብ ኢትዮጵያ ኣግዓዘት ። ካብ ሕዳር 1977  ክሳብ  የካቲት 1978 ፡ ሕብረት ሶቭየት  ክሳብ 225 ኣጽዋር ዝጸዓና ናይ ሶቭየት ነፈርቲ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ መዕርፎ ነፈርቲ  ኣራገፉ ። ኣብ 1977-78  ሕብረት ሶቭየት 80 ነፈርቲ ፡ 600 ታንክታት ፡ 300 ድሩዓት መካይንን በብዓይነቱ ኣጽዋርን ግምት ዋግኡ $1 ቢልዮን ዶላር ንኢትዮጵያ ሓገዘት ።

ብድሕሪ እዚ ኢትዮጵያ ካብ ሕብረት ሶቭየት ሓገዛት ክትረክብ ወተሃደራዊ ምድግጋፍ ውዕል ገበረት ።

ኣብ ነሓሰ 1979 ሕብረት ሶቭየት፡ ደርጊ ንዘካየዶ 5 ወራር ተባሂሉ ዝጥቀስ ኣንጻር ኤርትራ ውግእ ዋላ''ኳ ክዕወቱ ኣይኻእሉ እምበር ፡ ዘድሊ ወጻኢ ብምቅራብ ናይ ሰቭየት ወታሃደራዊ ኪኢላታትውን ነቲ ውግእ መርሕዎ ። በቲ ዘጋጠመ ፍሽለት'ውን ሕብረት ሶቭየት ሓገዛ ኣይቋረጸትን ። ኣብ 1982 ዋጋ $2 ቢልዮን ኣጽዋር ንኢትዮጵያ ሃበት ። እዚ ከኣ ነቲ ቀይሕ ኮኾብ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ 6ይ ወራር ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣዕናዊ ውግእ ንምክያድ ነበረ ። እቲ ብቀይሕ ኮኾብ ዝጽዋዕ ውግእ'ውን ብናይ ሶቭየት ኣማኸርትን ናይ ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ክኢላታትን ዝወጸ መደብ ነበረ ። ናይ ቀይሕ ኮኾብ ወራር'ውን ዓወት ከየምጸኣ ፈሽለ ። እዚ ኩሉ ፍሽለታት እናጋጠመ ገና ሕብረት ሶቭየት ሓገዛት ንኢትዮጵያ ቀጸለቶ ። ክሳብ 1984 $ 4 ብልዮን ዝዋግኡ ኣጽዋር ንኢትዮጵያ ሃበታ።

ኣብ 1984 ጥራይ $1.2 ቢልዮን ዝዋግኡ ኣጽዋር ካብ ሶቭየት ናብ ኢትዮጵያ ጊዒዙ ። ብተወሳኺ ኣብ 1981 ዓ.ም 1900 ሶቭየታውያንን ካብ ናይ ሕብረት ሶቭየት ደገፍቲ ዝነበራ ናይ ምብራቅ ኤውሮጳ ሃገራትን ውተሃደራዊ ኪኢላታት ኣማኸርቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኮይኖም ይሰርሑ ነይሮም ። ኣብ 1985 ከኣ እቲ ቁጽሪ ናብ 2600 ደይቡ ነይሩ ። ክሳብ 1984 ኣብ ዝነበረ ጊዜ ፡ 1600 ናይ ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ኪኢላታት ናብ ሕብረት ሶቭየት ብምኻድ ምዕቡል ወተሃደራዊ ስልጠና ረኺቦም ነይሮም ።

## ወተሃደራዊ ደገፍት እስራኤል ንኢትዮጵያ

እስራኤል ሓንቲ ካብተን ቀንዲ ብቀጻሊ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ንኢትዮጵያ ዘዕጠቀት ሃገር እያ ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ እስራኤል ንኢትዮጵያ ብቐጻሊ ኣጽዋር ከተዕጥቅ ዘተባብዓ ምኽንያት ወተሃደራዊ ስትራተጅያዊ ረብሓታታ ንምሕላው እዩ ። ንኢትዮጵያ ብምዕጣቅ ፡ ተጻባእቲ ሃገራት ኣዕራብ ንቀይሕ ባሕርን ንባብ ኣልመንድብን ከቓጻጸርኦ ኣይክእላን እየን ካብ ዝብል እምነት እዩ ። ስለዚ ብምኽንያት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራን ክራይ መደበር ቃኘው ኣስመራ ፡ ኢትዮጵያ ትዓጥቀሉን ትሰንቀሉን ነበረት። ኣብ ጊዜ ንጉሳዊት ስርዓት ኢትዮጵያ ፡ ኢስራኤላውያን ኣማኸርቲ ንናይ ኢትዮጵያ ኣየር ወለድን ነጸረ ተቃውምቲ ኣካላት ዝዋግኡ ኣሃዱታት ናይ ሓሙሻይ ምድብ (ነበልባል ብምባል ዝፍለጡ) ኣሰልጢና ።

ኣብ 1973 ኢትዮጵያ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ምስ እስራኤል በቲኻ እናተባህለ እስራኤል ግን ንኢትዮጵያ ኣጽዋር ትሕግዝ ነይራ ። እቲ ሓገዝ መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ ስልጣን መጽዩ ኮሎ ኣብ 1974 ከይተረፈ ትሕግዝ ነይራ ። እቲ ሓገዝ ከኣ ቅያር ኣቑሑትን ጠያይትን ንናይ ኣመሪካ ስራሓት ኣጽዋርን ጽገና ንናይ ኣመሪካ F- 5 ጀት ናይ ውግእ ነፈርቲ ነይሩ ። ብተወሳኺ ሓደ ንእስ ዝበለ ናይ እስራኤል ወተሃደራዊ ኣማኽርቲ ጉጅለ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ነይሮማ ።

ኣብ 1983 እስራኤል ናይ መርበብ መራኸቢታት ስልጠና ሓጊዛ ። ኣብ 1984 እስራኤል ንናይ ኢትዮጵያ ናይ ጸጥታ ኣኽበርቲ ስልጠና ሂባ ፡ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ምምሕዳራት ፖሊስ ከኣ ትተሓጋገዝ ነይራ ። ኣብ 1985 እስራኤል ብውሑዱ ናይ $20 ሚልዮን ዝኸውን ስራሓት ሶቭየት ኣጽዋርን ቅያር ኣቑሑትን ንኢትዮጵያ ሂባታ። ኣብ 1987 ኢትዮጵያ ካብ እስራኤል ናይ $83 ሚልዮን ዝግመት ናይ ወተሃደራዊ ሓገዝ ረኺባ ። 300 ዝኾኑ ኢስራኤልያውን ወተሃደራዊ ኣማኸርቲ ናብ ኢትዮጵያ ሰዲዳ ። ካልኦት 38 ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ኣብረርቲ ነፈርቲ ስልጠና ንክረኽቡ ናብ እስራኤል ተሰዲዶም ።

## ወተሃደራዊ ደገፍት ኩባ ንኢትዮጵያ

ናይ ኩባ ወተሃደራዊ ደገፍ ንኢትዮጵያ ማዕረ ማዕረ ምስ ሰቭየት ሕብረት እዩ ኣብ ሕዳር 1977 ናይ ኩባ ናይ ወተሃደራዊ ኣማኽርቲ ናብ እትዮጵያ ክግዕዙ ይጅምሩ ። ካብ ሕዳር 1977 ክሳብ የካቲት 1978 ኩባ 17,000 ወተሃደራታ ናብ ኢትዮጵያ ኣእተወት ። ሰለስተ ናይ ኣጋር ተዋጋኢ በራጊድ ፡ ገሊኦም ኣብ ኣንጎላ ካብ ዝነበሩ ሰራዊታ የጣቃልል። ኣብ 1978 ኢትዮጵያ ኣንጻር ሶማል ውግእ ኣብ ዝገበረትሉ ጊዜ ፡ ናይ ኩባ ወተሃደራት ኣብ ጎኒ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኮይኖም ተዋግኡ ። ከምውጺቱ ድማ ብሓገዝ ኩባ ናይ ሶማል ሰራዊት ካብ ኡጋዴን ክወጽእ ከኣለ ። ብድሕሪ'ዚ ኢትዮጵያ ካብ ኡጋዴን ሰራዊታ ስሒባ ኣብ መወዳእታ ናይ 1978 ኣብ ኤርትራ ወራር ኣካየደት ። ወተሃደራት ኩባ ኣብ ኡጋዴን ንነዊሕ ጊዜ ጸኒሖም ነይሮም ። ኣብ መስከረም 17, 1989 ናይ 12 ዓመታት ወተሃደራዊ ስምምዕ ብምጭራሽ ኩባ ሰራዊታ ካብ ኢትዮጵያ ሲሒባ ።

## ወተሃደራዊ ደገፋት ምብራቅ ጀርመን ንኢትዮጵያ

ናይ ምብራቅ ጀርመን ደገፋት ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣገዳስን እዩ ነይሩ ። እቲ ቀንዲ ኣገዳስነቱ ኣብቲ ናይ ኣጽዋር ኩናት ዘይኮነስ ፡ ኣብቲ ምብራቅ ጀርመን ዝነበሮም ዓብዩ ኢድ ኣብ ጸጥታውን ስለያውን ስራሓት ናይ ኢትዮጵያ ኣዩ ።

ናይ ምብራቕ ጀርመንን ናይ ኢትዮጵያንን ወተደራዊ ስምምዕ ኣብ 1977 እዩ ጀሚሩ ። ድሕሪ ናይ ጀርመን መራሒ ሰለስተ ጊዜ ናብ ኢትዮጵያ ምምልላስ ነቲ 2000 ዝኾኑ የመናውያን ወተሃደራት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም ኣብ ውግእ ኡጋዴን ንምስታፍ ንምውውሃህድ ዝገብሮ ዑደት ነበረ ። ምብራቕ ጀርመን ነቲ ሰቭየታውያንን ኲባውያንን መራሕቲ ነፈርቲ  ዘካይድዎ ዝነበረ ውግእ ስለያዊ ደገፋት ትገብር ነበረት። ብተወሳኺ ምብራቕ ጀርመን ንብዙሓት ወተሃደራት ኢትዮጵያ  ስነ ሓሳባዊ ፖሎቲካዊ  ትምህርቲ ሂባ ። ዋላ ብድሕሪ ውግእ ኡጋዴን ምብራቕ ጀርመን ዋና ተንቀሳቃሲት ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ጉዳያት  ኮይና ጸኒሓ ። ኣብ 1978  ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ወራር ኣብ ኤርትራ  ኣብ ተካይደሉ ዝነበረት ጊዜ ናይ ምብራቕ ጀርመንን ናይ ሰቭየትን መሃንድሳትን ብሓደ ኮይኖም ፡ንኢትዮጵያ ኣገልጊሎም ።  ናይ ምብራቕ ጀርመን ወተሃደራዊ ኪኢላታት ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ውግኣት ከም ኣማኸርትን ፡ ናይ መዳፍዕን ሮኬታትን ተኮስቲ ኮይኖም ሰሪሖም ።

ኣብ ዝበዝሓ ናይ 1980ታት ምብራቕ ጀርመን  ንኢትዮጵያ ናይ ጸጥታ ኣገልግሎትን ብዙሕ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ደገፋትን ናይ ወተሃደራዊ ስለላ ሓገዛትን ሂባ ። ንናይ ህዝባዊ ሓለዋ ተባሂሎም ዝጽውዑ  ፖሊስ ናይ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ስልጠና ሂባ ።

ኣብ 1982 ምብራቕ ጀርመን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝተኻየደ ብና ቀይሕ ኮኾብ ዝፈለጥ ወራር ኣብ ወተሃደራዊ ስለላ ተኻፊልቲ ነይሮም ። ናይ መራኸቢ መሰመራት ካኣ ይቖጻጸርዎ ነይሮም ። ኣብ 1990 ከኣ 550 ወተሃደራዊ ኣማኸርትን ተክኒሻናትን ጀርመናውያን ካብ ኢትዮጵያ ወጹ ።

ኣብ ዝቅጽል ብሰላም የራኽበና፡

girmaig@rcn.com